ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን التحالف الديمقراطي الأرتري

ERITREAN DEMOCRATIC ALLIANCE

## ደምዳሚ መግለጺ

## ሓድነታዊ ጉባኤ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን

ዓሰርተ ሰለስተ ውድባትን ሰልፍታትን ዝሓቖፈ ጉባኤ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን፡ ካብ 5-11 ግንቦት 2008 ስርሓቱ ብዓወት ኣሰላሲሉ። እዚ ጉባኤ'ዚ፡ ክልተ ፖሊቲካዊ ውድባትን፣ ተወከልቲ ዝተፈላለያ በርጌሳዊ ማሕበራትን፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ብተዓዛብነት ዝተሳተፍዎ ታሪኻዊ ጉባኤ ነበረ።

እዚ ጉባኤ'ዚ ውጽኢት ናይ'ቲ ኩለን ውድባትን ሰልፍታትን ኤርትራ፡ ረብሓ ሃገር ቀዳምነት ብምሃብ፣ ስቅያት ህዝቢ ንምቅላል ብምሕላን፣ ሓድነት መስርዕ ተቓውሞ ንምርግጋጽ፡ ከምኡ'ውን: ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ጉባኤ ኪዳን ዝተራእዩ: ንህላዌ ኪዳን ኣነቓኒቑ ዝነበረ ፍልልይ ንምስጋር ዘበርከታኦ ጻዕርታት እዩ።

ጉባኤ፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ ሽድሽተ መዓልታት ዝወሰደ ስራሓቱ፡ ንንድፍታት ፖሊቲካዊ ቻርተርን፡ ቅዋምን፡ መደረኻዊ መደብ ዕዮን ኣጽኒዑ፡ ኣድላዪ ምምሕያሻት ብምግባር ኣጽደቐ። ንዝጸንሐ ቅልውላው ብምስጋር ጉባኤ ንምዕዋት፡ ዘካየዶ ምይይጣት ግልጽነትን፡ ሓላፍነትን፡ ሓድሕዳዊ ምክብባርን ዝዓዘዞ ሃዋህው ነበረ። ካብ ኣወንታዊ ውጽኢታቱ ድማ፡ ካብ ኩለን ኣባላት ውድባት፡ ብማዕረ ቁጽሪ ዝተዋጽአ፡ 26 ዝኣባላቱ፡ ማእከላይ መሪሕነት ምቛም ኮነ። ብዛዕባ ህልዊ ኩነታት ሃገርና ኣመልኪቱ ድማ፡ ነቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ሃገራውያን ዘካይዶ ዘሎ፡ መዳርግቲ ዘይብሉ፡ ደያቢ ግብረ ሽበራዊ ስርሓትን፡ ግህሰት ሰብኣዊ መሰልን፡ ብዕምቆት ተገንዘበ። ከምኡ'ውን፡  ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብና ግርጭታት ዝፈጥር ነታጒታት እናዘርአ፡ ንሃገርና ኣብ ቀጻሊ ውሽጥዊ ግርጭታት ኣጥሒሉ፡ ንዕቤት ሃገርና ዝዕንቅፍን፡ ንርግኣታ ዝፈታተንን ስጉምትታት ይወስድ ከም ዘሎ ኣስተብሃለ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ጉዳይ መሬትን ደሞግራፍያዊ ኣተሃላልዋ ሕብረተሰብናን፡ ዝወስዶ ዘሎ ሓደገኛ ምትሕልላኻት፡ ጉባኤ ከይጠቐሶ ኣይሰገረን። ኣብ ልዕሊ'ዚ፡ ናይ መንእሰይ ኣፍራዪ ሓይሊ ንምብኻን፡ ኣብ ተኻታታሊ ዘይፍትሓዊ ኲናት እናኸተተ፡ ንቑጠባዊ ኩንታት ሃገርናን ንምንባብሮ ህዝብናን፡ ንዓሚቕ ቅልውላው ኣሳጢሕዎ ከም ዝርከብ ተመልከተ። በዚ መሰረት ህዝብና፡ ኣብቲ ብደም ደቁ ዝተደኮነ ሃገር ዝሰኣኖ ቅሳንትን ሕዱእ መነባብሮን፡ ንምንዳይ ዶብ ሰጊሩ ንወጻኢ ክስደድ ይርከብ።

ኣብ ከምዚ ዝበለ ንሓድነት ህዝብናን ልዑላውነት ሃገርናን ዝህድድ ኩነታት፡ ተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራ፡ ኩሉ ዓቕምታቶም ብምጥርናፍ ነዚ ሓደገኛ ተርእዮ'ዚ ክምክቱ ይጥለቡ። ካብ'ዚ እምነት'ዚ ብምብጋስ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን፡ ፖሊቲካዊ ሓይልታትን በርጌሳዊ ማሕበራትን፡ ምሁራትን፡ ማሕበራዊ መራሕትን ዝሳተፍዎ፣ ሃገራዊ ሓድነት ክረጋገጹሉ ዝኽእል መንገድታት ዝናደየሉ፣ ቅዋማት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ  ዘስዓቦ፡ ንሓድነት ህዝብና ዝህድድ ኩነታት ዝውገደሉ፣ ኣብ መንጎ ኩሎም ክፍልታት ሕብረተሰብና ሰላማዊ ሓባራዊ  መነባብሮ ዝፍጥረሉ፣ ሃገራዊ ዋዕላ ክግበር ንዝነበሮ ጸዋዒት ድጊሙ የሐድስ።

*ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ናይ ህልዊ ሽግራት ሰላማዊ ፍታሕ ክናደ፣ ባብ ደሞክራስያዊ ምስግጋር፡ ክኽፈት፣ ባህግታት ህዝብና ዘረጋግጽን ቅሳነትን ርግኣትን ዘዕቁብን፡ ቅዋማዊ መንግስቲ ክትከል፣ ቅሩብ ምስ ዝኸውን፡ ምስኡ ክካየድ ዝኽእል ናይ ዘተ ዕድላት ክፉት ምዃኑን፡ ቅሩብነት ሓይልታት ፖሊቲካዊ ተቓውሞ ከም ዘሎን፡ ጉባኤ ኣረጋጊጹ።*

*ጉባኤ፡ እቲ ንሓርነት መሬትን ህዝብን ዝተቓለሰ ሰራዊት ኤርትራ፡ ማሕበራዊ ሰላም ንምርግጋጽን፡ ሃገራዊ ቅሳነት ንምስፋንን፡ ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምምዝጋብን፡ ኣብ ገድኒ ህዝቡ ደው ክብል ይጽውዕ።*

*ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ዶባዊ ግጭት፣ ብመሰረት ብይን ኣህጉራዊ ኮምሽን ዶብ ክፍታሕ ይጽውዕ። ብተወሳኺ ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ዘሎ ወጥሪ ብሰላማዊ ኣገባብ ክእለ ይጽውዕ።*

*ጉባኤ፡ ንኹለን ሃገራትን ኣህጉራውን ዞባውን ውድባትን፡ ንስርዓት ህግደፍ ዝህባኦ ደገፉት ጸረ ሓድነት ህዝብናን፡ ዞባዊ ጸጥታን የውዕሎ ስለ ዝሎ፡ ጠጠው ከብላ ምሕጽንታኡ የቕርብ። ኣብ ኤርትራ ሰላምን ምርግጋእን ዘስፍን ደሞክራስያዊ መተካእታ ንምርግጋጽ፡ ብመንገዲ ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ ኣቢለን፡ ኩሉ ዓይነት ፖሊቲካውን ንዋታውን ሓገዛት፡ ንህዝቢ ኤርትራ ከቕርባ ይጽውዕ። ንሃገራትን ገቢረ ሰናይ ማሕበራትን፡* (UNHCR, Amnetsy International, ICRC,) *ካልኦት ንሰብኣዊ መሰላት ዝጣበቓ ኣካላትን፡ ንስቅያት ናይ'ቶም ናብ ሃገሮም ክምለሱ ዘይከኣሉ ስደተኛታት ኤርትራ፡ ብወድዓዊ ዓይኒ ክምልከታን፡ ሰብኣዊ ተራአን ክዓማን ይጽውዕ። ከምኡ'ውን ነተን ኤርትራውያን ዑቕባ ዘናድዩለን ኣብ መላእ ዓለም ዝርከባ መንግስታት፡ ንኤርትራውያን ስደተኛታት በስገዳድ ናብ ኤርትራ፡ ምምላሶም ከስዕቦ ዝኽእል ሓደገኛ ሳዕቤን ክርድኣን፡ ሰብኣዊ መሰላቶም ክሕልዋሎምን ይጽውዕ።*

*ሓድነታዊ ጉባኤ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን፡ ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዘካይዶ ግፍዕታትን፡ ደሞግራፍያዊ ምቅይያራት ዘስዕብ ፖሊሲታት ሰፈራን ይኹንን።*

*ጉባኤ፡ ኣብ መንጎ ኣሕዋትና ሶማላውያን ዝካየድ ዘሎ ኣሕዛኒ ሕድሕዳዊ ምቅትታል ደው ንኽብል፡ ሽግሮም ብሰላማዊ መንገዲ ክፈትሑ ኣትሪሩ የማሕጽን። ከምኡ'ውን ነቲ ብመንግስቲ ጅቡቲ ዝተበገሰን መላእ ዓለም ዝደገፎን  ጉባኤ ዕርቀ-ሰላም ይድግፍ።*

*ኣብ መደምደምታ፡ ኤርትራዊ ሲቪላዊ ማሕበራትን ካልኦት ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝቃወሙ ሃገራውያን ሓይልታትን ዘበርክትዎ ተራ የመጉስ። ከምኡ'ውን ኣብ ኤርትራ ሰላምን ምርግጋእን ንምርግጋጽ ንዝቃለሳ ሓይልታት ተቓውሞ ኤርትራ፡ ዝሕግዛ ሃገራትን ውድባትን ሰልፍታትን ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ ንህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያን፡ ንምሕዝነት ሰንዓ ፎረምን፡ ዝለዓለ መጎሱ የቕርብ።*

*ሓድነታዊ ጉባኤ ኤርትራዊ ደምክራስያዊ ኪዳን*

11 *ግንቦት* 2008